# ማሕበር እንታይ ማለት እዩ ?

ማሕበር ማለት እኩብ ናይ ሓደ ዓይነት ሓሳብን ዝንባለን ዘላዎም ሰባት ዘቑሙዎ ጉጅለ ማለት ኢዩ። ንኣብነት ናይ ስፖርት፡ ማሕበራዊ ሂወት፡ ብሓባር ምግቢ ምስራሕ፡ ናይ ጃሪዲን ስራሕ ምስ ኣኽላባት ምዝንጋዕ ወዘተ ማለት እዩ።

ማሕበር ናይ ሓደ ዓይነት ዝንባሌ ዘለዎም ሰባት፡ እኳ እንተ ኾኑ፡ ኣባል ማሕበር መን ክኸዉን ይኽእል ዝብል ቅድመ-ኩነት ኣብ ሕጊ ክሰፍር ኣይክእልን እዩ። ኣብ ዴንማርክ ግዴታ እዩ ማሕበር ንኹሉ ክፉት ክኸዉን። እቶም ሓደ ዓይነት ዝንባሌ ዘለዎም፡ ወይ ኣባል ማሕበር ክኾኑ ዝደልዩ። ኣብ ማሕበር ግድን ኣይኮነን ንኩሉ ንጥፈታት ብሓንሳብ ከተማልኦ። ኮሚተ ናይቲ ማሕበር እያ እትዉስን፡ እንታይ ዓይነት ንጥፈት ከም ዚካየድን መዓስ ከም ዝካየድን፡ ብኻመይ፡ ንመን ከኣ ከምዝኸዉን።

ኮሚተ ማሕበር

ኮሚተ ናይ ማሕበር ብኣባላት ናይቲ ማሕበር ይምረጹ፡ ኣባላት ማሕበር እንተ ወሓደ ኣብ ዓመት ሓንት ግዜ ክእከቡ ይግባእ። ኣብዚ ኣኼባ እዚ እቲ ኣባል መሰል ናይ ምምራጽ ኣለዎ። ኮሚተ መን ከምዝኻዉን። እታ እተመርጸት ኮሚተ ስሩዕ ዝኾነ ኣኼባታት ተካይድ፡ ኣብዚ ኣኼባ ከኣ ኣገደስቲ ዉሳነታት ተሕልፍ። ንኣብነት፡- እታ ማሕበር እንታይ ዓይነት ንጥፉታት ክተካይድ ከም ዝኾነት ብኸመይ ከም ዝካይድ፡ መደባት ትሰርዕ። ንእተወሳኑ መደባት ከኣ ተግባርኡ ትከታተል።

ኣባል ማሕበር።

ኣባል ማሕበር ናይ ኣባልነት ክፊሊት ይኸፍል። እቲ ዝኸፍሎ ክፍሊት ከኣ ንክራይ ቦታ፡ መብራህቲ፡ መዉዓዪ፡ ናይ መሰልጠንን ንብልጫታት ዝወጽእ ወዘተ ይዉዕል። ክፍሊት ኣዚዩ ቡዙሕ ክኸዉን የብሉን። ማሕበበ ከም ልሙድ ቀንዲ ሓገዛቱ ኣብ ኣባላቱ እዩ ዝምርኮስ፡ ንኣብነት ኣብ እተፋላለዩ ንጥፈታት ብነጻ ዝሕግዙ፡ ወላዲ ደቆም ናብ ናይ ግጥም ቦታ ብናጻ የገዓዕዙን ወዘተ። ማሕበር ብመገዲ ኣሰልጠንቲ ንዝተፋላለዩ ንጥፉታት ዝበቅዑ ተናዲ ከም ኣብነት ናይ ንግድ ወይ ናይ ገንዘብ ስፖርተኛታትን ናይ ማሕበር ስፖርተኛታትን፡ ኣባል ማሕበር ንጥፉታቱ ብጉቡእ ምእንቲ ክካይድ ንዑኡ ብዝምችእ ድማ ቦታ ተዳሉ።






## ፍልልያት ኣብ ሞንጎ፡ ማሕበራትን ንግዳዊ ኣካላትን፡

ኣብ ሞንጎ ማሕበራትን ንግዳዊ ኣካላትን ፍልልይ ኣለዎ። ኣብ ማሕበር ኣባል ናይ ሕብረተ ሰብ ዲኻ፣ እሞ ክፊሊት ናይ ማሕበር ትኸፍል፡ እዚ ማላት እቲ ዝርከብ ረብሓ ወይ ተወሳኺ ገንዘብ፡ ኣብ ረብሓ ናይ እቲ ማሕበር ይዉዕል። ምንጪ እቶት ናይ ማሕበር ኣብ ወላንታዊ ስርሓት ዝተሞርኮሰ እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ብዝከኣላካ ዓቕሚ ኣብ ወላንታዊ ስርሓት ማሕበር ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ዝተፋላላዩ ንጥፈታት ንኣብነት፡ ከም ናይ ፊትነስ/ ምንቅስቃስ ኣካላት ዝኣማሰሉ፡ ናይ ንግድ ማሕበራት ኣቀዲምካ ትኸፊል እቲ ረብሓ እዉን ነቲ ዋና ትካል ይዉዕል። እዚ ከኣ እቲ ፍልልያት የርእየካ። ኣቐዲምካ እንተዘይከፈልካ ኣብኡ ኣይትሳተፍን፡ እቲ ካልእ ዓይነት ማሕበር ግን ደገፍ ካብ ምምሕዳር/ኮሙን ዝረክብ ኮይኑ፡ ተወሳኺ ኣታዊ እዉን ካብ ወላንታዊ ስርሓት ናይ ኣባላቱ እዩ ዝረክብ። ማሕበር፡ ሓደ እኩብ ናይ ሰባት፡ ማሕበር ክቖሙ ምስ ዝዓልዩ፡ እቲ ማሕበር ዕላምኡ እንታይ ክኸዉን ከም ዘለዎ ይዉስኑ። በቲ ምምሕዳር/ኮሙን ቅቡል ክኸዉን ከኣ ሃናጽን፡ ኣዘናጋዕን ዕላማታት ሒዙ ዝቐረበ ክኸዉን ኣለዎ። ሲዒቡ ዝመጽእ ክጽድቕዎ ወይ ከኣ ክነጽግዎ ዉሳነ ናይ ምምሕዳር/ኮሙን እዩ ዝከዉን። እዚ ማለት ምምሕዳር/ኮሙን ናታ መለኪዒያት ኣለዋ፡ ኣብ ልዕሊ ኩለን ቁቡላት ዚኾና ማሕባራት።

### ማሕበራትን ምምሕዳር/ኮሙንን

ዝኾኑ ጉጅለታት ማሕበር ክምስርቱ ኣንተኾይኖም ብዝዕባ ናይቲ ዝደልዩዎ ማሕበር ዕላማ ኣቐዲሞም ክሓስብሉን ክውስኑ ኣሎዎም ምእንታ ጽቡቕን ፍሉጥን ማሕበር ንኽኸውን ናይቲ ማሕበር ዋና ዕላምኡ ንህዝቢ ሐበሬታ ዝህብ ዝዓይነቱ ክኸውን ኣሎዎ። ንማሕበር ምምስራት ዝጽድቖ ምምሕዳር/ኮሙነንን እዩ። በዚ መገዲ ምምሕዳር/ኮሙንን ብዛዕባ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ዘለዉ ዝጸደቑ ማሕበራት መብርህን መግለጺ ክህልዎ።

መወከሲ ኣካላት:

ምምሕዳር/ኮሙን: ______________________________

DGI Inklusion ______________________________

ኣቦ መንበር ኮሚቴ: ______________________________

ኣሰልጣኒ: ______________________________

ካልእ: ______________________________

ዴንማርካዊ ባህሊ ማሕበራት

ኣብ ዴንማሪክ ማሕበራት ዓቢ ክፋል ባህሊ እዚ ሕብረተ ሰብ ኢየን። ኣብ ዴንማርክ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ማሕበራት ኣለዋ። ስለዚ ብርግጽ ኣብቲ እትነብርሉ ምምሕዳር/ኮሙን ብዙሓት ማሕበራት ኣለዋ። በዚ ድማ ዝበዝሑ ዴንማርካዉያን ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ኣብ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ማሕበራት ኣባላት እዮም።

---

ስለምንታይ ኢና በዘን ባህላዉያን ማሕበራትና እንኾረዕ

- ኣብ ማሕበር፡ ማሕባራዊ ሂወትና ይዓብን ሓደስቲ ኣዕሩኽ ስለ እንጥርን።
- ኣብ ማሕባሪ ነንሕድሕድና ንማየጥ ኣድላይ ዝኾነ ነጋራት ንዉስን።
- ኣብ ማሕበራት መሰረት ዲሞክራሲ ስለ እንመሃር።
- ኣብ ማሕበር ነንሕድሕድና ንከባበር ከምኡ እዉን መለክዒ ማሕባራዊ ሂወት ስለ እንመሃርን
- ኣብ ኣባላትና ብምምርኳስ ብመንገዲ ማሕበር ኣቢልና ኣብ ሕብረተ ሰብና እወታዊ ለዉጢ ንምምጻእን
- ኣፍረይቲ ንምኽን ስለ እንበቅዕ።
- ኣብ ማሕበር ስፖርታዊ ብቕዓትና ብሓባር ነምዕብል፡ ከምኡ እዉን ስፖርታዊ ዝምባለታትና ነካይድ ከምኡ ዉን ምዝንጋዕ፡

DGI